*Embassy of the State of Eritrea*
*United Kingdom*

**Glasgow: 31 May 2009**

# መዓልቲ ናጽነት ኣብ ስኮትላንድ

መዓልቲ ናጽነት ዕለት 30 ግንቦት 2009 ኣብ ግላስጎ ብዓቢ ድምቀት ተባዒሉ። ኣብቲ ልዕሊ 200 ዜጋታት ዝተሳተፉዎ ድሙቅ ብባህላዊ ምሸትን ሳዕስዒትን ዝተሰነየ ኣጋጣሚ፣ ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ "ወርሒ ግንቦት ንክብሪ መዓልቲ ናጽነት ኣብ ብሪጣንያ" ብዝብል ዝተኻየደ ሰፊሕ ንጥፈታትን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዝተኻየደ በዓላትን ብጽንብል ስኮትላንድ ኪዛዘም ምኽኣሉ ሓበን ዝፈጥር ምኽንያታት ዘለዎ ኣጋጣሚ ምዃኑ ገሊጹ። ኣገዳስነት መዓልቲ ናጽነትን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምዕባሌታትን ዝምልከት ሓጺር መግለጺ ንተሳተፍቲ ድማ ኣቕሪቡ።



ኣምባሳደር ኣብ መግለጺኡ። ጌና ሓያል ብድሆታትኳ እንተሎ መበል 18 ዓመት ጽንብል ናጽነት፣ ኤርትራ ብክልተ እግራ ብምልኣት ረጊጻ ንዝደመቐ ዕብየትን ንዝሰፍሐ ገስጋስን ነጥበ-መቐይሮ ንምግባር ትጓዓዝ ምህላዋ ብምግላጽ ህልው



ምዕባሌታት ሃገር ሓቢሩ። ኩሉ ዜጋ ኣብ ዘዘለዎ ኢዱ ኪሕውስ፣ ብዓቕሙ ከበርክትን ንውህደትን ሓድነትን ብተወፋይነት ኪሰርሕን ከምዝግባእ ድማ ኣዘኻኺሩ። ካብዚ ሓሊፉ ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮም ኣብ ስኮትላንድ ንጥፈታቱ ከሐይል፣ ኣብ ቆልዑን መንእሰያትን ዘተኮረ ንጥፈታት ከማዕብል፣ ንምሕያል ስድራቤታት ኪሰርሕን ምስ ኣብ ከባቢኡ ዘለዋ ማሕበረ-ኮማት ዝምድና ብምስፋሕ ምስሊ ሃገሩ ንምዕዛዝ ኪነጥፍን ድማ መብርሂ ሂቡ።



ኣብ መእተዊ ናይቲ በዓል ካብ ኣካየድቲ ማሕበረ-ኮም ኤርትራዊያን ኣብ ስኮትላንድ ወሮ መርየም ያሲን፣ ኣገዳስነት እታ ዕዝዝቲ መዓልቲ ብምብራህ ኣብ ስኮትላንድ ዝርከብ ኤርትራዊ ማሕበረ-ኮሙ ብምሕያል ምስ ሃገሩ ዘለዎ ምትእስሳር ንምድልዳልን ኣበርቲዑ ኪሰርሕ፣ ብፍላይ መንእሰያት ከኣ ኣብ ትምህርቲ፣ ስራሕ፣ ማሕበራዊ ዝምድናታትን ካልእ ንህዝቦምን ሃገሮምን ኮሙኒቲኦምን ዘሐብን ንጥፈታትን ተበግሶታትን ኪሕይሉ ኣዘኻኺራ።

ኣብቲ ኣጋጣሚ ሓያሎይ ኣዕሩኽ ኤርትራ ዝኾኑ ዜጋታት ስኮትላንድ ተሳቲፎም ነይሮም።

ዓወት ንሓፋሽ!
ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ